# ህጹጽ መጸዋዕታ ሰላማዊ ሰልፊ
# ንድሕነት ኤርትራውያን ኣብ ምድረ ሲናይ ግብጽን ሊብያን

ኤርትራውያን ዜጋታትና ብሕልና ዘይብሎም ዕስለ ናይ ሽፍትነት ሰብ ነጋዶ ንኹሉ ፍጡር ብዘስካሕክሐ ግፍዓዊ መንገዲ ኤርትራውያን ብዘይወዓልዎ ኣበሳ ኣብ ምድረ ሲናይ ግብጺ ብግፍዒ ይሳቐዩን ይከላበቱን ኪኖኡ ድማ እታ እንኮ ዘይትምለስ ህይወቶም ዝቕዘፉሉ ዘለዉ ወቕትን ትሕቲ ዕድመ ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራውያን ኣሓትና ንኽትሰምዖ ዘነውር ዓመጽ ግብረ-ስጋ ዝድፈራሉ ዘለዋ እዋን ንድሕነት ሓንቲ ነብሲ $ 20.000 (ዕስራ ሽሕ ዶላር) ኣብ ዝሕተትሉ ዘለዉ እዋን ኪኖ’ዚ ሽኣ ተነቃፊ ኣካላት ሰብነቶም ብመጥባሕቲ ተኣልዩ ንዕዳጋ ዝወርደሉ ዘሎ ህሞት ካብ’ዚ ብዘይፍለ መንገዲ ከኣ ኣብ ሊብያ ዘለዉ ኤርትራውያን ዜጋታትና ሽኣ ብዝኸፈአ መልክዑ ብኣሰቃቒ ኣገባብ ንኽበልዑን ክሰትዩን ኣብ ዘይክእሉሉ ደረጃ ንፋስ ዓለም ንኸይርእዩ ተሓይቦምሉ ዘለዉ ወቕቲ ኤርትራውያን መንእሰያት ኣብ ሆላንድ ብዘይ ዝኾነ ይኹን ኣፈላላይ ሃይማኖትን ጾታን ፖለቲካን ዜጋታትና ንምድሓንን ዓለም ኣቓልቦ ሂባ ካብ ኣትዮሞ ዘለዉ ጸበባን ተወሺጦምሉ ዘለዉ ቦታ ከተገላግሎምን ንድሕነቶም ዓይና ክትከፍትን ዝዓለመ ሰላማዊ ሰልፊ ኣብ ዘ ሄግ ደንሃኽ ኣብ ቅድሚ ቤት ጽሕፈት

Tweede Kamer der Staten-Generaal
Postbus 20018
2500 EA Den Haag ንዕለት 08 ሚያዝያ 2011 ልክዕ ሰዓት 01፧00 (13፧00) ናይ ድሕሪ ቐትሪ ሰላማዊ ሰልፊ ንኽግበር ከም ዝወደበ ንኹሎም ብኤርትራውያን ዜጋታት ዝግደሱ ሃገራውያንን ፈተውቲ ግዱሳት መሓዙትን ንኽሳተፉ ንዕድም፣

ኣድራሻ:-Postbus 20018
2500 EA Den Haag

ሰላማዊ ሰልፊ ዝካየደሉ ዕለት፧- 08-04-2011 ዝጅመረሉ ሰዓት፧- 13፧00 ዝዛዘመሉ ሰዓት17፧00
ናይ መጀመርያ መተኣኻከቢ ቦታ ደንሃኽ ሰንትራል ስተሽን፧- ኣብ’ዚ ቦታ’ዚ ሓበርቲ ኣካላት ዝተመደቡ ኣሕዋት ኣለዉ፣

ሰላማዊ ሰልፊ ዝካየደሉ ቦታ ፊት Tweede Kamer der Staten-Generaal
Postbus 20018
Plein 2,
2500 EA Den Haag

መጓዓዝያ፧-

* ካብ ሰንትራል ስተሽን ደንሃኽ 5 min፣

ንዝያዳ ሓበሬታ በዚ ዝስዕብ E-mail-erihelpnet@gmail.com ከምኡ ’ውን ተለፎን
0031684242985
0031685469478
ደዊልኩም ክትውከሱ ትኽእሉ

ብደሓን ምጹ!!!
ዓወትን ኣሳልጦን ንኹልና!!!
Eri Help Network